ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ
ኣሥመራ - ኤርትራ

"ኣቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ" (ዮሓ 19፡ 26-27:)

ክብረ በዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኣሥመራ

፲፮ ለካቲት ፳፻፲፬ 23-02-2022

ክቡራትን ክቡራንን, ካብ ርሑቕን ቀረባን ናብዚ ዓመታዊ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ዝተጉዓዝኩም ካህናት ደናግል ምእመናን፣ ኣጋይሽ፣ ቅድሚ ኩሉ እንቋዕ ብደኃን መጻእኩም። እግዚኣብሔር ንንግደትኩም ንግደት ኢየሩሳሌም ይግበርለኩም። ድኻምኩምን መባእኩምን ከኣ ንትሩፋትን ንቅድስናን ይኹነልኩም። ሎምዘመን እነብዕሎ ዘሎና በዓል ብርግጽ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝሓይሸ እዩ። እንተኾነ ገና እዚ ወሪፉና ዘሎ ለበዳ ሕማም ብምሉኡ ስለዘይጠፍአ ብዙኅ ሰብ ከይመጸእ ከምእውን ከምቲ ልማድና መዝሙርን ምህለላን ዑደትን ከይንገብር ዕንቅፋት ኮይኑና ይርከብ። ይኹን እምበር፣ ነዚ ከኣ እንቋዕ ኣይከልኣና ኢልና፣ ንኣምላኽናን ንኪዳነ ምሕረት ኣዴናን ከነመስግን ይግባእ።

ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተበሥረ ቃል ጉይታ ከምዝሰማዕናዮ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መበል 19 ምዕራፍ ናይ ወንጌሉ፣ መድኃኒና ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብሓሶት ተኸሲሱ፣ ንሞት ተፈሪዱ፣ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ኣብ ኣፍ ሞት በጺሑ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፣ ***"ኣዴኡን ኃብቲ እናኡን፣ ማርያም ሰበይቲ ቀለዮጳን፣ ማርያም መግደላዊትን ደው ኢለነ ክረ"*** ይብለና። እቶም ካልኦት ሠለስተ ወንጌላውያን ዘይጠቐሰዎ፣ ቅዱስ ዮሓንስ ባዕሉ ግን ኣብኡ ምስኣተን ከምዝነበረ ይምስክር እዩ። እቶም ካልኦት ሓዋርያትከ ደኣ ኣበይ ከይዶም? ቅዱስ ማርቆስ ከምዘዘንትዎ፣ ምሽት ጸሎት ሓሙስ *"ጴጥሮስ 'ምሳኻ ሙማት እንተ ኮነውን ኩዕ ኣይክሕደካን እየ' እናበለ ኣመና ተሪሩ ተዛረቡ። ኩሎምውን ከምኡ በሉ"* (ማር 14:31) ይብለና። እቱ ኩሉ ፈኸራኽ ንምንታይ ናብ ህድማ ተለዊጡ? እዚ ንኢየሱስ ኣየገረሞን፣ ከመይ፣ ኑቲ ፈኸራኦም ምስ ሰምዐ፣ ኢየሱስ ካብ ትንቢት ነቢይ ዘካርያስ ጠቒሱ፣ *"ነቲ ጓሳ ክቑትሎ እየ፣ እተን ኣባጊዕ ፋሕ ክብላ እየን"* ዝብል ጽሑፍ ኣሎ እሞ፣ *በዘለይቲ እዚኣ ኩልኹም ብኣይ ክትዕንቀፉ ኢኹም። ምስ ተንሣእኩ ግና ናብ ገሊላ ክቅድመኩም እየ"* (ማር 14:31፣ ዘካ 13:7 ረኣ)) ዝበሎም ተፈጸመ። ስለዚ ወተሃደራት ክሕዝዎ ምስ መጹ፣ ብዘይካ ዮሓንስን ገለ ኣንስትን፣ ኩሎም ሓዋርያት እቲ ሓለቓኦም ጴጥሮስ ከይተረፈ፣ እግሪይ ኣውጽእኒ ኢሉም ፋሕ ከምዝበሉን ከምዝተሓብኡን ንርኢ። እቶም ሰብዓን ክልተን ኣርድእቲኽ ኣበይ ነበሩ? ናቶምስ እስኪ ይኹን፣ ወዮም ብበዐለ ሆሳዕና፣ *"እቲ ብሀም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ እዩ!"* እናበሉ ኣብ ኢየሩሳሌም ብጠቓዒትን ዕልልታን ዝተቐበልዎ ኣሽሓትከ፣ ዓርቢ ሰቓለት እንታይ ክብሉ ወዓሉ? እቶም ዕውራት፣ ሓንካሳት፣ ለምጻማት፣ ካልኦት ብዙኃት ካብ በብዓይነቱ ሕማም ዝሳቐዩ ዝነበሩ እሞ ዘሕወዮምከ? (ማር 1:32-34 ረኣ)። እቶም ኣጋንንትን ርኹሳት መናፍስትን ዘሳቐዩዎም ዝነበሩሞ ዘውጽኣሎምከ?። እቶም ካብ ሙታን ዘተንሥኦምከ ኣቢይ ኣለው?። ክቡራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ኣብዚ ብኣፍካ እትብሎን ብግብሪ እተርእዮን ክንደይ ፍልልይ ከምዘለዎ ተነጺሩልና ይርከብ። በዚ ምኽንያት እዩ ኢየሱስ ንፈኸራ ጴጥሮስ ኮነ ናይቶም ካልኦት ሓዋርያት ዘይኣመኖ። ንሕናውን ብዙኅ ጊዜ ካብ ካልኦት ዝበለጽና ኣመንትን ጸወምትን ገበርቲ ሠናይን ምኻንና ንጀሃር ኢና። ብግብሪ ክርእ እንከሎ ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኮይኑ ንረኽቦ። ንእሽቶ ነገር የፍርሃና፣ የጠራጥረና፣ ተስፋ የቑርጸና። ብሓጺሩ፣ ዝበህዝኅ ጊዜ ካብ ናይ ግብሪ ናይ ዘረባ ሰባት ኢና እሞ፣ ብፍላይ ኣብዚ ምስ መላእ ቤተክርስትያን ሒዝናዮ ዘሎና ሲኖዶሳዊ ጕዕዞ እምነትና ተበራቢሩ፣ ብሓቀይና ንሰሓን ዕርቅን ክንሕደስ፣ ምስ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ከኣ ብተሰፋ ብእምነት ብፍቕሪ ክንጉዓዝ ንዕደም ኣሎና።

መድኃኒና ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ከምቲ ብቃሉ፣ *"ሰብ ካብቲ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ ንሕይወቱ በጃ ኣኀሊፉ ዚህቦ ዝዓቢ ፍቕሪ የብሉን"* (ዮሓ 15:13) ዝበሎ፣ ብግብሪውን ምእንቲ እቶም ዘፍቅሮም፣ ምእንቲ ነፍሰ ወከፍና ሕይወቱ በጃ ኣሕሊፉ ሂቡ እዩ። እዚ ከኣ ፈተውቲ ጥራይ ዘይኮነ እቶም ብሓሶት ዝኸሰሱዎ ሃናን ቀያፋን እውን ከይተፈለጦም መስኪሮምሉ እዮም። ቅዱስ ዮሓንስ ብዛዕባ *"ሓደ ካብኣቶም ቀያፋ ዝሰሙ በታ ዓመት እቲኣ ሊቀ ካህናት ዝነበረ 'ንሰኻትኩም ሓንቲ እኳ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ኩሉ ሕዝቢ ካብ ዝጠፍእሰ ሓደ ሰብኣይ በጃ ሕዝቢ እንተሞተ ከምዝሕሸናዶ ኩዕ ኣይትሓሰቡን ኢኹም? በሎም። እዚ ዝበለ ግና በታ ዓመት እቲኣ ሊቀ ካህናት ሰለዝነበረ፣ ኢየሱስ በጃ ሕዝቢ ኪመውት ከምዘለዎ ተነብዩ እዩ እምበር ካብ ገዛእ ርእሱ ኣይኮነን"* (ዮሓ 11:49-51)። ነቲ ዝጽበዮ ዝነበረ ናይ መስቀል ጽዋዕ ብምሕሳብ እዩ ኢየሱስ እውን ኣቐዲሙ፣ *"ኣነ ድማ ካብ ምድሪ ልዕል ምስ በልኩ ንኩሉ ናባይ ክሰሕቦ እየ"* (ዮሓ 12:32)። እቶም ቀዳሞት ናብ ኢየሱስ ዝተሳሕቡ ከኣ፣ እታ ፍቅርቲ ኣዲኡ ማርያምን፣ እቲ ብፍሉይ ዘፍቀሮ ወዲ መዝሙሩ ዮሓንስን፣ ገለ ቅሩባት ደቀንሰቶዮን እዮም። ብፍላይ ናይ ኣደና ማርያም እጃም፣ ካብቲ ምስ ወዳ ዘለዋ ሓድነት ዘይንጸልን፣ ብቀጥታ ካብኡ ዝፍልፍልን ኣዩ። እዛ ጎርይትን ርኅርኅትን ኣደ እዚኣ ኣብ ሰራሕ ድኅነት ምስ ናይ ወዳ ዘለዋ ተሳትፎ፣ ካብቲ ገብርኤል መልኣኽ ዘበሠራ መዓልቲ፣ ይኩነኒ በከመ ትቤለኒ ምስ በለት፣ ወልደ እግዚኣብሔር ሥጋና ለቢሱ ሰብ ዝኾነሉ (ተሠግዎቱ) ሰዓት ኣትሒዙ ክሳብ ጊዜ ሞቱ ዝተገልጸ እዩ። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብ እዋን ስቅያቱ (ሕማማቱ) ኣብ ቀራንዮ ተገልጸ። ኢየሱስ ኣብ ቤተልሔም ምስ ተወልደ፣ ማርያምን ዮሴፍን፣ ከምቲ ሕጊ ኦሪት ዝእዝዞ ናብ እግዚኣብሔር ከወፍይዎ ንቤተ መቕድስ ምስ ወሰድዎ፣ ድሮ ስምዖን ኣረጋዊ ተቐቢሉ ሓቐፎ እሞ፣ ንእግዝእትነ ማርያም *"እንሆ እዚ ሕጻን እዚ ኣብ እሰራኤል ንብዙኃት ምኽንያት ምውዳቕምን፣ ምትንሣእምን፣ ከምኡውን ዘይቀበልዎ ምልክትን ክኸውን ዝተመደበ እዩ። ንኣኺ ከኣ ሓሳባት ልቢ ብዙኃት ምእንቲ ክግለጸ፣ ኃዘን ንልብኺ ከም ሰይፊ*